## ምኽንሻብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘምጽኦም ሳዕቤናት ኣንታይ ኦም?

- ምምኽካን የስዕብ
- ንነዊሕ ዝጸንሑ ረኽስታት (ንኣብነት መርከስቲ ናይ ፍሒኝ)
- ቃንዛ ኣብ ጊዜ ሽንቲ ምድፋእ
- ሽንቲ ዘይምቁጽጻር
- ከበድቲ ቃንዛታት ኣብ ጊዜ ጾታዊ ርክብ
- ናይ ጾታዊርክብ ጸገማትን ሳዕቤናቶምን (ዘይምዕጋብ)
- ከበድቲ ቃንዛታትን ዘይሉሙዳት ተርእዮታትን ኣብ ጊዜ ናይ ኣዴታት ደቂ ኣንስትዮ (period)
- ኣብ ጊዜ ሕርሲ ጸገማት የስዕብ
- ናይ ኣእምሮ ጸገማት ከም ባዓል ራዕዲ፡ ጭንቀት፡ ዘይሱሩዕ ኣመጋግባን ኣዳቓሳን የስዕብ
- ብንምኽንያት ብዝሒ ምፍሳስ ደምን ረኽሲን ድማ ናብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል

## ንጓልኩም ካብ ብምኽንሻብ ዝመጹ ሳዕቤናት ከተድሕኑዋ/ክትካላኸሉላ ትደልዩ ዶ?

ዝጸናሓኩም ልምዲ ወይ ውን ባህሊ ከተቓርጽዎ ከ ትጽገሙ ዶ?
ወለድኩም ወይ መቅርብኩም ከ ጸቅጢ ይገብሩልኩም ዶ?
ንስኩም ንባዕልኩም ከ ግዳይ ዲኩም ወይ ብሰንኪ ምኽንሻብ ዝጋጠሙኩም ጥዕናዊ ጸገማት ኣሎዉ ዶ?
ንስኩም ወይ ድማ ጋልኩም ናብ ሚኽንሻብ ትዋደድ ምስ ትህሉዉ
ንዓና ክትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም።

TIGRINYA

pro familia Bayern

# ምኽንሻብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ

## ሓበሬታ

www.profamilia.de

# ኣስተምህሮ ካብ *PRO FAMILIA* ብዛዕባ ምኽሻብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ

## ምኽንሻብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣንታይ ዩ?

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ማለት ደጋዊ ኣካል ብልዕቲ ብኽፊል ወይ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ምስዝእለ ኣዩ።

ምኽንሻብ ብዓይነቶም ዝተፈላለዩ እዮም።

ዓለም ለኻዊ ኣስታት 200 ሚልዮን ደቂ ኣንስትዮ ተኽንሺበን ይርከባ (UNICEF2016)

## ምኽንያት ምኽንሻብ ደቒ ኣንስትዮ ኣንታይ ኣዩ?

ምኽንሸብ ንነዊሕ ኽኪይድ ዝጸነሐን ዘሎን ልምድን ባህልን ናይ ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣዩ።

ዕላማ ናይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብልምዲ ነዚ ዝስዕብ ይመስል

- ጽፈት/ጽሬት ወይ ድማ ድንግልና ናይ ጓል ኣንስተይቲ ምዕቃብ
- እምንቲ ንብዓል ቤታ ንክትከውን
- ምጉዳል ጾታዊ ስምዒት/ ድሌት ናይ ጓል ኣንስተይቲ።

## ንኣፍልጦ

ካብ ኩለን ሃይማኖታት ናይዛ ዓለም ወላ ሓንቲ ሃይማኖት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ትግድድ ወይ ውን ትእዝዝ የላን!

ሕብረት ኤውሮፓ ድማ ነተን ብሰንኪ ጾተኣን ግዳይ ናይ ዝተፋላለዩ ዓመጻትን ግፍዕታትን ዝኮና ደቂ ኣንስትዮ ፉሉይ ምክልኻልን ዕቁባን ተዳሉ።( ምኽንሻብ ድማ ከም ሓደ ኣብነት ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓመጽ ከውሰድ ይካኣል)

ኣብ ጀርመን ድማ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ከም ገበን ይረአ። በዚ ምኽንያት ካኣ ብሕጊ ዉጉድ ኣዩ።

ጓልኩም ከተኽንሸቡ ምስ ትውጥኑ ወይ ድማ ካብ ጀርመን ወጻኢ ኬድኩም ምስእተኽንሸቡዋ፡ስድራ ናይ ተኽንሻቢት ሕጋዊ መቐጻዕቲ ከብየነሎም ምኻኑ ብትህትና ንሕብር ( ንኣብነት ማሰርቲ)።